# ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ማእከል ጀርመን

ብዕለት 04.12.2011፣ ኣብ ከተማ ግሮስ-ጌራዉ (ከባቢ ፍራንክፈርት) ተቐማጦ ኤርትራውያን ኣብ ማእከል ጀርመን ኣብ ትሕቲ፡ `` ብውዲት ተጻብኦታት ዕላማና ኣይንስሕትን `` ዝብል ቴማ ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ ኣካይዶም ::

ኣብዚ ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ዝተረኽበሉ ፣ ካብ ከተማታት ጀርመን ወረዳ ቬተራው ማእከል፣ካይዘርስላውተርን: ካልስሩሀ ማንሃይም: ሃይደልበርግ: ሄፐንሃይም:ዳርምሻት: ወረዳ ኦፍንባኽ፡ ወረዳ ግሮስጌራው ፣ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን : ጊሰን : ፉልዳ : ካሰልን ከባቢኡን : ንቀ‌ኍርን ኣስሓይታን ናይዚ ወቕቲ በዲሆም ፤`` ሎሚ'ውን ከም ቀደም ኣለኹልኪ ሃገረይ `` እናበሉ እቲ ምዉቕ ፍቕሪ ሃገሮም ክገልጹ ፣ መቐጸልታ ናይቲ ቅድሚ ክለተ ሰሙን ብዕለት 20.11.2011 መኸተ ህዝቢ ኣብ ደቡብ ጀርመን (ስቱትጋርት) ዝተቓንዐ ዳግማይ ድርብ ዓወት'ዩ ነይሩ ::
ኣብዚ ኣኼባ መኽፈቲ ቃል ኣወሃሃዲ ሽማግለ መኸተ ብኣደ/መንበር ሽማግለ መኸተ ጀርመን ወ/ሮ ሳባ ስዩም ምስተዋህበ ፣ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ፡ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጹ፤ ውዲት ተጻባእቲ ፣ ሎሚ'ውን ከም ቀደም ፣ ብህዝባዊ መኸተ ክመክን ምኳኑ: ዘለዎ እምነት ድሕሪ ምግላጹ ዝያዳ ክንጸንዕን ሓድነትና ከም ወትሩ ከነደልድል ከምዘለና ምኽሪ ንተሳተፍቲ ለጊሱን: ንሕቶታት ህዝቢ ዝግባእ መልሲ ሂቡ ::
ብምቕጻል፡ `` ብውዲት ተጻብኦታት ዕላማና ኣይንስሕትን `` ዝብል ናይ ዝሓለፉ ኣስታት 70 ዓመታት ግዳማዊ ተጻብኦን ውሽጣዊ ተምበርካኽነትን ምስ መወከሲኡ፣መኸተ ህዝቢ ኤርትራን ዓወቱን ዝድህስስ ብኣቶ መድሃኔ ተስፋኣለም ክቐርብ እንከሎ:ከምኡ'ዉን``ነፍሰ-ፍተሻ``ብዝብል ኣርእስቲ ኣበርክቶ ተሳተፍቲ ክብ ዘበለ ብኣቶ ስፋፍ ኣደ፡ መድረኻውን መሃርን ኣርእስቲ ቀሪቡ ::
ካብ ተሳተፍቲ መኸተ ነዚ ዘለናዮ መድረኽ ብዓወት ንምዝዛሙ ኣብ ከባቢኦም ክውሰዱ ዝግበኦም ግብራዊ ስጉምትታትን ተበግሶታትን ዘነጽር መደረታት ኣቕሪቦም:: ብጀኻ'ዚ እዉን ንእዋናዊ ብድሆታት ዝገልጹ መሰጥቲ ግጥምታት ቀሪቦም::

**ብድሕሪኡ እዚ ዝስዕብ ሓባራዊ ውሳኔታት ተማሓላሊፉ ፣**

መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሶማል ከኣ ብፍላይ ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ፡ ሽግር ኣፍሪቃውያን ብኣፍሪቃውያን ክፍታሕ ከምዝግባእን ከምዝኽእልን ብግብሪ ዘረጋገጸ ብርቂ ኣብነት ምኻኑ ብምእማን፤

ፍትሒ ብጽንዓትን መኸተን ጥራይ ከምትወሓስን፡ ምእንቲ ሰላምን ፍትሕን ዝካየድ ጻዕሪ ግዜ ዝወስድን መሪርን ከም ዝኾነ ካብ ማህደር ታሪኽና ብምውካስ፤

ክብርትን ሕብንትን ስልጥንትን ሃገር ንኽንውንንን፡ ነዊሕን ከቢድን መስዋእቲ ከም ዘድሊ ብምርዳእ፤

ብኤርትራዊ ኒሕን ፣ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን እዚ ዝስዕብ ውሳነታት ነሕልፍ ።

1. ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣብ'ዚ ኣዝዩ ተሃዋሲ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላም ንምርግጋጽ ኣበርክትኡ ከዕዝዝ እንዳ ኣዘኻኽርና፤

መንግስቲ ጀርመን ከም ኣባል ኤውሮጳዊ-ሕብረት መጠን፡ ሓደ ካብቶም ኣውሓስቲ ኣልጀርስ

ስምምዕ ስለዝኾነ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት ውሳነ ኮምሽን ዶብ

መዕለቢ ንክረክብ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኩሉ መዳያዊ ጸቕጢ ንክትገብር ንጽውዕ።

2. ብዓንቀጽ 1907(2009)ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኤርትራ ዝተኣወጀ እገዳ ሕጅ'ውን ንክልዓል ንጽውዕ.

3. መንግስትና ዝኸተሎ ዘሎ ዓቃልን ውሕሉልን ዲፕሎማሲያዊ ኣተሓሕዛ ምምልካት ዶብ እንዳደገፍና፣ ምትዕንቓፍ መስርሕ ምምልካት ዶብ ብጭፍራ ወያነን ብደገፍ መንግስቲ ኣሜሪካ ንኹንን።

3. ንኤርትራ ንምንብርካኽን ካብ ዞባና ንምንጻላን ዝግበር ምጉብዕባዕን ምፍርራሕን ዘይምኹኑይ ተጻብኦታት ኣመሪካ ንኹንን።

4. ሓድነትና ክበታትኑ ዝፍትኑ ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እናተዋፈሩ ነዛ ብደም ስዉኣትና ዝመጸት ሃገር ዳግም ኣብ መቑሕ መግዛእቲ ንምእታው ዝሕልኑ ሃሱሳትን ከደዓትን ግብረ-ሽበራውያንን ኣትሪርና ንኹንን።

*5.* ሃገራዊ ግቡእና ምኻኑን ተረዲእናን ፈሊጥናን ብሰናይ ድሌትና ንሃገርና እንገብሮ ኣበርክቶ ክኸልክለና ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ከም ዘየለ ብምግላጽ፣ ሕጂ'ውን ሃገርና ካባና እትሓቶ ኩሉ እንትናዊ ኣበርክቶ ክንገብር ኢና።

ሎሚ ውን ከምትማሊ ፡ እዛ ሓድጊ ጀጋኑ ሰማእታትና ዝኾነት እንኮ ሃገርና ፡ብውዲትን ጠላማትን ጽንጵያ ዓይና ከንፍሩላ ኣይነፍቅድን ኢና፡ ብምባል ዕዉት መኽተ ህዘቢ ማእከል ጀርመን ተዛዚሙ ::

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !

**ሽማግለ መኸተ ማእከል ጀርመን**

**ግሮስ-ጌራዉ**

**04.12.2011**